ምእንቲ ክቕጽልን ከዓ ቤተክርስቲያን ኮነ ተገዳስን ፈታው'ዙ ሕዝብን ዝኾነ ኵሉ ድጋፉ ከበርክት ይሕበር።

ሎሚ ተዛረብቲ ሳሆ ዝኾኑ ኢሮብ፡ ኣብ ሃይማኖታዊ ይኹን ኣብ ማኅበራዊ መነባብሮኦም ዘለዎም ባህሊ፡ ንኣብነት - ሥርዓታት ሕፀ፡ መርዓ፡ ወሊድ፡ ገለብ፡ ክርስትና ምልዓል፡ ቀብሪ፡ ሓዘን፡ ተዝካር፡ ብብዓይነቶም ባህላዊ ጸወታታት፡ ኣከዳድና፡ ወዘተ.፡ ምስ ናይ ዓጋመ ዶግዓታይ ትግራዋይ ባህሊ ብብዙኅ ሥነ ሥርዓትን ኣገባብራን ዝመሳሰል እኳ እንተኾነ፡ ትሕት ኢሎም ኣብ ዝርከቡ ገጻት ተገሊፁ ከምዝርከብ፡ ናይ ባዕሎም ዝኾነ መዓዛን ኣገላልፃን ዘልበስዎ መፍለጢኦም ዝኾነ ባህሎም ኣለዎም ኢዩ።

<u>መውሰቦ ብዝምልከት</u> - ሕዝቢ ኢሮብ ኣለሻ ሽመትን ሃብትን ክብል ፋባ ተሳጊሩ ናይ ምውሳብ ባህሊ ኣይነበሮን፤ የማነ-ፀጋም ምስ ዝርከቡ ከባቢኡ ኢዩ ይዋሰብ ዝነበረ። ከባቢ ማለት ከዓ ኣብ ሓደ መንደር ተወሲኑ ዝተርፍ ዘይኮነስ ኣውራጃ ዓጋመ ክሳዕ ኣውላዕሎ፡ ሰብዓ ዳሞ፡ እገላ፡ ሽመዛና ዘጠቓልል ኢዩ። ምኽንያቱ ከዓ ኣብ ጊዜ ጸገም ኮነ ኣብ ጊዜ ራህዋ ንባዕሉ ኮነ ንውሉዱ ንምትሕግጋዝን ንምርድዳእን ምእንቲ ክጥዕሞ ኢዩ። ኣጋጣሚ ኮይኑ ኣብ መንጎ ሰብኣይን ሰበይትን ምፍልላይ እንተመጸ ብወገን ዓሌት ተሰማሚዖም ከም መጠን ኣኅዋት ብሰላምን ብስምምዕን ኢዮም ዝፈላለዩ እምበር ጭቕጭቕን ሞኅትን ሁከትን ኣይፈጥሩን። መሰል ሰበይቲ ኮነ ሰብኣይ ከይተግሃሰ ሥጋኺ ደምካ ተበሃሂሎም ብትኽክል ንብረቶም ተማቒሎም ይፈላለዩ። ናይ'ዚ ፍትሓውነት ዓቢይ ኣብነት ዝኸውን፡ ጋዲ፡ ዱኩማ ለተሥላሰ ንእትበሃል ሰበይቱ (እኖ ዘሥላሰ) እንክፈትሓ ንብረት ኵሉ መቒሉ ድኅሪ ምሃቡ ሚዶኡ ናብ ክልተ መቒሉ ክፋል ሚዶኡ እንከይተረፈ ከምዝሃባ ይዝንቶ። ምእንትዚይ ከዓ ኢዩ፡ እኖኣ (ሓማቱ) ኣብ ጊዜ ምፍልላዮም ርትዓዊ ብዝኾነ ኣፈታትሓኡ ተሓጕሳ ዝተዛረበቶ ክሳዕ ሎሚ ምስላ ኮይኑ፡ **"ጋዲ፡ ዱኩማ፡ እንካብ ኣተኣታትዋኻስ ኣፈታትሓኻ ጠዓመና"** እናተብሃለ ይዝንቶ ዘሎ።

<u>ሥርዓት ሕፀን መርዓን፡-</u>

ኣብ ኢሮብ ናይ ሕፀን መርዓን ሥርዓት ከም ናይ ኵሉ ሕዝቢ ዓጋመ እንክኾን ብማእኸላይ (መማጽኢ) ኢዩ ዝፍጸም። መብዛሕቲኡ መውሰቦ ዝግበር ከዓ ብፍቓድ ወለዲ ብምኳኑ እዳ ወዲ ዓፅሚ ሥጋ ኣጽኒዖም ብማእኸላይ ምስ ወለዲ እታ ጓል ይሰማምዑ። ብኣኡ ኣቢሎም ንጓል ክዳን ይግበር፡ ኣብ ዝበዝሕ ከፍቲ'ውን ይወሃብ። ንዕለት መርዓ፡ ከከም ዓቕምኻ፡ ብዝበለጸ ከዓ ሜስ ኣውዲቕካ፡ ድግስ



ምስንዳው ባህላዊ ልማድ ኢዩ። ብቱ ዕለት'ቱይ፡ መርዓዊ ናብ እዳ መርዓት ቅድሚ ምኻዱ ወራድ መርዓ ኣብ እዳ ወዲ ተኣኻኺቦም ምሳሕ ምስ በልዑ፡ መርዓዊ ፃዕዳ ክዳን ተኸዲኑ ፃዕዳ ሻሽ ጋማ ይኣሥር። ካብ ቤት ሰቡ ብዕድመ ዝዓበየ ንቱ መርዓዊ ኣብ ጋዕሱ ልኻይ ለኸዩ ይምርቖ። ቀደም ሓዲሽ ዝምርዖ መንእሰይ የግዕስ ዝነበረ፡ ካብ መሓዙቱን ካብ ናይ ንእስነቱን ነፃነቱን ዓለም ይፍለ ኣሎ ማለት ስለዝኾነ፡ ክፍለ ከዓ ስለዘይደሊ፡ ብዙይን ብቱይን ኣገሪሆም ኂዞም ምስ ኣግረርዎን ኣጽኒዖም ምስ ጋዙዎን ኢዩ። ንቶም ዘግዕስዎ እንተይኣዕገርገረ ሰቕ ኢሉ ይገዓሰሎም ከምዘይነበረ ናይ ቀደም ባህሊ ኢሮብ ዝፈልጡ ኣረጋውያን ይናገሩ። ብዙ ሎሚ ጊዜ ግን ከም ልማድ ጥራሕ ኢዩ'ምበር እቱ ናይ ቀደም ባህሊ ትርጕሙ እናጠፍአ ስለዝኸደ፡ እቱ መርዓዊ ከዓ ጣዕሚ ንእስነቱ ከም ምስንባት ገይሩ ስለዘይሓስቦ፡ ሰቕ ኢሉ ኣብ ቅድሚ'ቱ ዝለኸዮ ሰብ ደኒኑ ተመሪቑ ጠስሚ ተለኺዩ ኢዩ ዘግዕስ። እዚ ሥርዓት ኣብ'ዙ ሕብረተሰብ "ጋዓሲሶት" ተብሂሉ ይጽዋዕ። እቱ ጋዕሱ ዝቐብኦ ቤተሰብ ናይ ከፍቲ ህያብ (ስጦታ) ምስ ኣበርከተሉ፡ ኣብቱ ዳስ እተረኽቡ ቤተሰብ ኮነ ፈተውቱን ዕዱማቱን ከከም ዓቕሞም ብዕራይ፡ ላሕሚ፡ ንህቢ፡ ጤል፡ ወዘተ. ህያብ የበርክቱሉ። እዙይ ሎሚ ብመልክዕ ገንዘብ እውን ይፍፀም ኢዩ። እቱ መርዓዊ ከዓ በዕርኽቱ ተመሪሑ ኣብ ማእኸል'ቱ ዕዱም እናዞረ ምረቓ ይቕበል።

ኣብ ላዕሊ ከምዝተገልፀ፡ ኣብ መዓልቲ መርዓ፡ መርዓውን መርዓትን ኣብ ዳስ ብኽብሪ ኮፍ ዝበልሉ፡ ማእኸላይ ብክልቲኦም ወገናት ቅድሚ መርዓ ዝቐረበ ወይ ዝኃለፈ ንብረት ኮነ ገንዘብ ኣተኣማሚኑ ኃላፍነቱ የውርድ። እዳ ጓል ከምብሓዲሽ ዘመድ ዳኛ ወይ ቤተሰብ ዳኛ ("ሰደኛ") ክህብዎም ንእዳ ወዲ ይሓቱ፤ እዳ ወዲ ኸዓ ንዳ ጓል ዝሰማመዖም፡ ሓደ ሰብ ንዳቦኣ ሓደ ሰብ ከዓ ንዳኖኣ ክልተ ሰባት ይህብዎም። እዙ ቤተሰብ ዳኛ (ሰደኛ) ብውዕልን ፍጽምን ኃላፍነት ምስ ተቐበለ ብወገን ወዲ ይኹን ብወገን ጓል ንዝፍጠር ዘይምስምማዕ ወይ ባእሲ፡ ብዘይኣድልዎ ባዕሉ ይሰምዮምን ይፈርዶምን። እዙ ፍጽሚ ክፍጽም እንከሎ ብርለ ሜስ ወይ ዋንጫ ስዋ ኂዙ ኢዩ ዝፍጽሞ። ናይ ኣፈጻጽማ ስነ ሥርዓት ከዓ ከከም ዓዱ ቁሩብ ዝተፈላለየ ኢዩ ዝነበረ። ንኣብነት ብወገን ኢሮብ "ቡክናይቲ ዓሪህ/ኣዶሓ ኢሮቢህ ሠርዓታህ" ("ከም ሥርዓት እዳ ቡኽነይቶ/ከም ሥርዓት ሠለስተ ኢሮብ/ ትወሓስዶ?") ፡ ብወገን ስርዂዖን መኻዳን "ከም ሥርዓት ኣብዕሊስ-ሓሪሻይ ትወሓስዶ?" ዝብል፡ ካልእ'ውን ናይ ከባቢኡ ባህሊ ዝነበሮ እንክኾን፡ ሱባጋድስ መስፍን'ና ትግራይ-ትግርኝ